# ፈስቲቫል 2013 ሆላንድ
## ናይ ውልቂ ትዕዝብቲ

ከም ዚፍለጥ ካብ 19 ስጋዕ 21 ሓምለ ፌስቲቫል ሆላንድ፣ ኣብ ደቡባዊ ሆላንድ ኣብ ጥቓ ደን ሃኽ ኣብ እትርከብ ከተማ ራይክቫይክ ከም እተኻየደ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ኣነ'ውን ከምሰበይ ተሳታፊ ናይቲ ፌስቲቫል ስለ ዝነበርኩ፣ ነቲ ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ጽምብል ማለት ዓርቢ ምሸት ከም'ውን ቀዳም ዚቐጸለ መደረ ሉኡኽ መንግስቲ ኤርትራን ስዒቡ ዚቐረበ እተፈላለየ መደባትን ብዚምልከት፣ ነቲ ኣነ ብዓይነይ ዚራእክዎን እተዓዘብክዎን ብዘይሻርነት ብሸምዚ ዚስዕብ ኣገባብ ኣቕርቦ።

## ዓርቢ 19 ሓምለ

ሰዓት ሸምንተን ፈረቓን ኣቢሉ ይኽውን ኣብ ቦታ ፌስቲቫል በጻሕኩ። እኹል ንመካይን ዚኸዉን ቦታ ስለ ዚነበረ ብዘይጸገም ማኪናይ ፓርክ ገበርክዋ። ዉሑዳት ኣብ ጥቓ መካይኖም ኮይኖም ወጃዕ ዚብሉ ከም'ውን ብርክት ዚበሉ ኣብ ደገ ዚጻወቱ ቆልዑን ስለ ጸንሑኒ፣ ንኣንፈይ ሰላም እናበልኩ ናብቲ ኣዳራሽ ኣተኹ። ኣብ ባልኮኒ ድማ ሓደ ገንዘብ ዘኺፍል እቲ ካልኣዩ ድማ ኣብ ኢድ ዚጠብቕ ፕላስቲክ ዘልግብ ጸንሑኒ። እዞም ክልተ መንኢሰያት ናብ ሆላንድ ካብ ዚመጹ ዓመት ዘይገበሩ ሓደስቲ ዑቕባ ሓተቲ እዮም። ንኽልቲኦም ስለ ዚፈልጦም ሰላም ተበሃሂልና 30 ኤሮ ከፊለ ቅድሚ ምእታወይ፣ ጸሊም ካምቻ እተኸድኑ ሓለዋ (ጋርድ) ጉቡእ ተፍቲሽ ገይረሙለይ ንዉሸጢ ኣተኹ።

ኣብ ውሽጢ ምስ ኣተኹ ካብ 150 ስጋዕ 200 ዝኸዉን ህዝቢ፣ እተን ዚበዝሓ ኣብ መንጎ 50ን 60ን ዚዕድሚኣን ብወርቅን ዘበናዊ ዙርያታትን ዚወቀባ ኣዴታትን ዉሑዳት ኣቦታትን ጸንሑኒ። ከምልምዲ ኣብ መኽፈቲ ብዙሓት መንእሰያት ኣይመጹን። ስለዚ ቁጽሪ መንእሰያት ኣዚዩ ዉሑድ ነበረ። ኣብ ሆላንድ ዚምቕማጦም ሙዚቀኛታት ድማ እተፈላለየ ደርፍታት የስምዑ ነበሩ።

ሰዓት 10 ኣቢሉ ምስ ኮነ እቶም ኣብ ኣዳራሽ ዝነበሩ ጻዕዳ ናይ ኤርትራ ምስሊ ዘለዎ ማልያ ዚለበሱ 50 ዚኾኑ ህጻናት ናብቲ ኣዳራስ ኣብ ዘእቱ ኣስካላ ብኽልተ መስርዕ ደዉ በሉ። ኣዴታቶም ድማ ኣብ ታሕቲ ከበሮ ሒዘን ዑጉግ ኢለን ይጽበያ ነበራ። ሰበስልጣን መንግስቲ ኪመጹ ምኻኖም ድማ ዝእምት ነበረ። ደረፍቲ 'ንዓኹም ደልየ'ምበር ሰብ ዘየለ' ኢሎም ክደርፉ ምስ ጀመሩ፣ 20 ዚኾኑ ሰብ መዚ በቲ ኣስካላ ኣቢሎም ናብቲ ኣዳራሽ ክኣትዉ ተራእዩ። እተን ከበሮ ሒዘን ዚጸንሓ ኣዴታት ብዕልልታ ነቲ ኣዳራሽ ክልተ ገበርኦ። ኣብ ጎነይ ኮፍ ኢሎም ካብ ዚነበሩ ገለ ሰባት ካብ መንበሮም ሓፍ ኢሎም ናይ ኣኽብሮት ጣቒዕት መጠዉሎም። እቶም ዚበዛሕና ኣጣቓዕና ዳም'በር ሓፍሲ ኣይበልናን። ኣብ ሓንጎል ኩልና ድማ እቲ ዓሚ ወኪል መንግስቲ ኮይኑ መጺኡ ዚነበረ ዓብደላ ጃብር ቅጂል በለና። ብዝኾነ እቶም 20 ዚኾኑ ሰብ መዚ መንግስቲ በተን 50 ዚኾና ኣዴታቲን ቁሩብ ኣሰብኡትን ብእልልታን ጣቒዒትን ተሰንዮም ክኹድዱ ጀመሩ። ኣብ መንጎ የማነ ገብረኣብ ካብቲ ኩዳ ኣቒሪጹ ብምዉጻእ ነታ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኮፍ ኢላ ዚነበረት ገዲም ዲምጻዊት ጸሃይቱ በራኺ ብኽልተ ኢዱ ሰላም በላን ሰዓማን። ተመሊሱ ድማ ናብቲ ጓይላ ኣተወ።

እቲ ናይ መቐበሊ ጓይላ ድሕሪ ምውድኡ ዑስማን ሳልሕን የማነ ገብራብን ብሓባር ብምኻን ነቲ እተዳለወ ምቁር ሕብስቲ ቀረስዎን ሻምፓኝ ከፈቱን። እቶም ኣብ መድረኽ ደይቦም ዚነብሮ ቀልዑ እተፈላለዩ መዛሙር ኣስምዑ። ሽዱሽተ ዚኾኑ መንእሰያት ኣወዳትን ኣዋልድን ናይ ኩናማ ሳዕስዒት ብምቕራብ ቁሩብ ኣበራበሩና። እቲ ዚተቐርሰ ሒብስቲ መታን ኩሉ ኪጥዕሞ ድማ ተዓደለ።

ናይ ቶርታ ምቑራስ ስነ ስርዓት ተወዲኡ ኣጋይሽ ቦተኦም ምስ ሓዙ ካብ ኣስመራ ዚመጸት ጉጇለ ነቲ መድረኽ ስለ እተረከበቶ፡ ቆርጫጭ ፈላሚት ደርፌ ኣስምዕ። ኩሉ በዓል ወኒ ድማ ተነነወ። እተፈላለየ ደርፍታት ኩናማን ትግረን እዉን ቀረበ። እቲ ምሸት ከምዚ ኢሉ እናቀጸለ ወዲ ሃለቃ ዚበሃል ደራፋይ 'ፎርሳ' እትብ ደርፌ ክጻወት ምስ ጀመረ፡ እቲ ዚርካቡ ህዝቢን እቶም ሉኡኻት መንግስትን ኪስዕስዑ ጀመሩ። እቲ ዚስዕስዕ ዚነበረ ህዝቢ ጻዕቂ ስለ ዘይነበሮ፡ ነቲ ሰብ ፈሊኻ ኪትዕዘቦ ዘጸግም ኣይነበሮን። ኮነ ድማ፡ ዑስማን ሳልሕ ፍልይ ዚበል ኩዳ ኸኡድድ ስለ ዚጀመረ ኣብ ዓይኒ ሰብ ክኣቱ ግዜ ኣይወሰደሉን። ክልተ ኢዱ ንታሕቲ ትኽ ኣቢሉ ቢምዝርጋሕ፡ ሕቑኡ ንቕድሚት ኣጎብጥ ኣቢሉ መቐመጪኡ ንዲሕሪት ፍሊይ ኣቢሉ ብምውጻእ ናይ ስሉስ ኩርናዕ ቅርጺ ቢምሓዝ እግሩ ጎሰስ እናበለ ክስስዕ ተራእየ። ገለ ሰባት ኣፎም ብኢዶም ሸፊኖም ኪስሕቑ ስለ ዚጀመሩ፡ ሓንቲ ኣብ ጥቓይ ኮፍ ኢላ ዚነበረት ሰበይቲ 'ንሕና ሳሆ ሳዕስዑ እንተዝብሉና ካብዚ ዚገደደ ጌርና ምሳዕሳዕና' በልት'ሞ በዚ ሓሳብ ብምስምማዕ ርእስና ነቕነቕና። እንተኾነ፡ ናይ ዑስማን ጸገም ናይ ትግርኛ ወይ ሳሆ ጸገም ከምዘይኮነ ኪበርሃልና ጊዜ ኣይወሰደን። ቀጺሉ ኣብ ዚቐረበ ናይ ቢሄረ ኩናማ ደርፌ፡ ዑስማን ጅቡኡ ደርብዩ ኣብ መድረኽ ደይቡ ኪስዕስዕ ጀመረ። ጸገም ዑስማን እንታይ ምኻኑ ድማ ኪበርህ ጀመረ። መስተ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ሰትዩ ስለ ዚነበረ፡ ሚዛን ሚሕላው ስኢኑ ሰንደልደል በለ። በዚ ኣብ ስክፍት ዝኣተወ ሰለሞን (ቆንስል ኤርትራ ኣብ ሆላንድ) ምስ ታፍላ እተባህለ ካልእ ተሓጋጋዚኡ ኣብ ቡርቱዕ ወጥሪ ኣተዉ። ነዚ ዝዕዘብ ዝነበረ ህዝቢ፡ ዑስማን ሕጂ ዶ ደሓር ይወድቕ እናበለ ነቲ ድራማ ብስቕቕታ ይዕዘብ ነበረ። ዑስማን ከም ገለ እንተዝወድቕ ሰለሞን ከም ቦርተረ ተወርዊሩ ምሓዞ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ እዝዩ ስትራቲጂካዊ ዚኾነ ቦታ መሪጹ ናብቲ መድረኽ ብምጽጋዕ ብኣንክሮ ይከታተሎ ነይሩ። እታ ደርፌ ብዘይ ጸገም ስለ ዝተወደአት፡ ሰለሞን ናብ መድረኽ ደይቡ ንዑስማን ኣዉረዶ'ም፡ ብጥበበ ቀስ ኣቢሉ ካብቲ ኣዳራሽ ብምውጻእ ናብ መደቀሲኡ ወሰዶ። ኣነ'ውን ንጽባሒቱ ኣቐዲመ ብምምጻእ መልእኽቲ ናይቲ ላዕለዋይ በዓል መዚ መንግስቲ ክሰምዕ መደብ ስለ ዝነበረኒ ገና ሰዓት 2 ወጋሕታ ከይኣኸለ ንገዛይ ተዓዘርኩ።

## ቀዳም 20 ሓምለ

ብላዕለዋይ ሉኡኽ መንግስቲ ንዝህቦ ሰሚናር ክከታተል ድሌት ስለ ዝነበረኒ ካብ ዓራተይ ቀልጢፈ ተሳእኩ። ዓርኪ መሓዛ እንተረኺበ ሓደ ሓደ ምባለይ ስለዘይተርፍ፡ መኪናይ ኣቐሚጠ ብባቡር ኪኸይድ ወሰንኩ። ብርግጽ ሰሚናር ዚጅመረሉ ሰዓት ንምፍላጥ ናብ ሓደ ካብቶም ኣዳለዉቲ ናይቲ ፌስቲቫል ዚኾነ ሰብ ደወልኩ። ንሱ ብወገኑ እቲ ሰሚናር ከምቲ ኣቐዲሙ እተባህለ ሰዓት 6 ዘይኮነ ሰዓት 8 ከምዝጅመር ብምሕባር ኣበይ ከምዘለኹ ሓተተኒ። ኣብ መንገዲ ከምዘለኹ ምስ ሓበርክዋ፡ ንጹር ብዘይኮነ ኣገላልጻ ኣብዘለኽዎ ክጸንሕ ነገረኒ። ኣወጻጽኣ ቃላቱ ደስ ስለዘይበለኒ፡ ሽግር ኣሎ ዲዩ ኪብል ጠዊቐ ሓተትክዎ። ሽግር የለን እንተኾነ እቶም ተቓወምቲ ኢና በሃልቲ ኣብዚ ኣፍደገ

ስለዘለዉ ጸኒሑካ ሰዓት 8 ኣቢልካ እንተመጻካ ይሓይሽ ኢለ እየ በለኒ። ከምቲ ዝበለኒ ሰዓት 8 ኣብ መዕርፎ ባቡር ራይክቫይክ በጻሕኩ። ንላዕሊ ምስ ወጻእኩ፣ መልክዖም ሓበሻ ዝመስሉ ሰባት ንየው ነጀው ፋሕ ኢሎም ኪሃድሙ ረኣኹ። ነገሩ ደንጽዩኒ ቁሊሕ ምሊሕ በልኩ። ሻቡ ክልተ ቆልዑ ናባይ ገጾም ብምምጻእ፣ እቶም ተቓወምቲ ይመጹ ስለዘለዉ ካብዚ ረሓቕ ኢሎሙኒ ንቕድሚት ገጾም ተመርቀፉ። ኣብ ዉሽጢ ሒደት ካሊኢታት ብፖሊስ ተዕጂቦም እቶም ተቓወምቲ ተቐልቀሉ። እልይ ምባል ይሓይሽ ኢለ እግረይ ናብ ዝመረሓኒ ንቕድሚት ገጸይ ገስገስኩ። ኣንፈ እግረይ ኣብ ዝነበረ ናይ ቱርካዉያን ቤት ሹሻ ኣተየ ድማ ኮፍ በልኩ። ፍርቂ ሰዓት ኣቢለ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኩነታት ደሓን ኪህሉ እናተተስፈኹ ካብቲ እንዳሹሻ ወጺአ ናብቲ ፈስቲቫል ዚወስድ መንገዲ ተተሓሓዝክዎ። ካብ ዚፈራህክዎ ግና ኣይወጻኩን። ባንዴራ ዚሓዙ ክልተ ወዲን ጓልን ኅፍ በሉኒ። ኣንታ ሃገርካ እናጠፊኣት ጓይላ ተራኡይካ ኢሎሙኒ ተዓዝሩ። ብወገነይ መልሲ ከይሃብኩ መንገደይ ቀጸልኩ። ኣብቲ ኣነ ዚጉዓዘሉ ዝነበርኩ ጎደና፣ ሓደ ነዊሕ ኮምፕለታ እተኸድነ ሓበሻ ዚመስል ሰብኣይ ስለዝራእኩ ከርክቦ ቅልጥፍ ቅልጥፍ ኢለ ክጉዓዝ ጀመርኩ። እንተኾነ፣ ሕጂውን ሓንቲ ጓል እትርከቦም ባንደራን ታቤላን ዚሓዙ ሰለስተ ሰብ ኅፍ በሉና። ወየ ቀቅድመይ ኪኸይድ ዚጸነሐ ሓለንጋይ ሰብኣይ ግምጥል ኢሉ ህድማ ተተሓሓዞ። መታሃድምቲ ኪኾንኒ ብምሕሳብ ኣርከብክዎ'ሞ፣ በዚ ምኻድ ይሕሸና ኪብል ምኽረይ ለገስክሉ። ገጹ ናባይ እናረኣየ፣ ደሓን ደሓን ኢሉኒ ኣንጎሎ ዘቢጡ ዕዝር በለ። ብወገነይ ነዚ ሰብኣይ ኣበይ'የ ዚፈልጦ ኪብል ተወሳኺ ህድማይ ኣብ ካልእ ግድል ኣተኹ። ክዝክሮ ድማ ግዜ ኣይወሰደለይን። እቲ ሰብ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሃገረ ጀርመን ዚኾነ ጴጥሮስ ምኻኑ ፈለጥክዎ። ወይዛ ነብሲ ርግምቲ እናበልኩ፣ በቢዚረኸብክዋ ኣንጎሎታት እናተጠዋወኹ ህድማ ተተሓሓዝክዎ። ድሕሪ ክንደይ ኮለለ ሰዓት 9 ሓሊፉ ድማ ኣብ ቦታ ፌስቲቫል ተረኺብኩ።

ኣብ ዉሽጢ ኣዳራሽ፣ ብዘይ ቆልዑ 400 ዚኸውን ህዝቢ ጸንሓኒ። ምስቲ ናይ ዓርቢ ብምውድዳር ብዙሓት መንእሰያት ደቂ ተበዓትዮን ደቂ ኣንስቲዮን ነበሩ። እቲ ኣዳራሽ ንእስ ዚበለ ዋላ'ኳ እንተኾነ፣ እኹል ግና ነበረ። እታ ዝነበረት ባር ግና ኣዝያ ንእሽተይ፣ ይትረፍ ን400 ሰብ ን50 ሰብ'ውን ዘይቲበቅዕ ብምንባራ፣ ማይ ይኹን ካልእ መስተ ኪትገዝዝእ ነዊሕ ሪጋ ኪትጽበ ግድን ስለዝነበረ፣ ብጹሙእ ጎረረይ እቲ መስርዕ ጉድል ስጋብ ዚብለለይ ሰድያ ስሒበ ኮፍ በልኩ። ክሃድም ብእግሪ ነዊሕ ስለዝተጓዓዝኩን ካብ ዓቀን ንላዕሊ ሙቐት ስለዝነበረን፣ ዝስተ ከይረኸብኩ ሰሚናር ክጅመር ምኻኑ ስለዝተሓበረ፣ መንበረይ ንቕድሚት ስሒበ ንምስማዕ ኣብ ዘመቹ ቦታ ተቐመጥኩ።

## የማነ እቲ ዘይሕለሎ

ከባቢ ሰዓት 10 ኣቢሉ ቆንስል ኤርትራ ኣብ ሆላንድ ብዝኾነ ኣቶ ሰለሞን ከም'ዉን ተሓጋጋዚኡ ኣቶ ታፍላን ተሰንዮም ኣብ መድረኽ ብምድያብ ላዕለዎት ሉኡኻት መንግስቲ ማለት ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣቶ የማነ ገብራብን ቦቦተኦም ሓዙ። ኣቶ ሰለሞን ሓጺር ናይ መእተዊ መደረ ድሕሪ ምስምዑ መድረኽ ንየማነን ዑስማንን ኣረከቦም። መጀምርያ ዝተዛረበ ድማ ዑስማን ነበረ። ከም ትጽቢተይ መጀመርያ ዑስማን ኪዛረብ ነቲ ሕቶን መልስን ድማ የማነ ከካይዶ ግምት ስለዝነበረኒ፣ እቲ መደረ ብዑስማ ምጅማሩስ ቁቡል ገይረ ወሰድክዎ። ትጽቢትን ክውንነትን ግና ኣይተቓደዋን። ዑስማን ከመይ ትኾኑ ኣለኹም ኢሉ ኩነታት ጥዕናና ብምሕታት መደርኡ ጀመረ። እመስገኖ

ምስ በልናዮ ድማ፡ ኣነ ኣብዚ ዘለኹ ንየማነ ከሰኒ እየ መጺአ። እዚ መደብ ናተይ ዘይኮነ ናይ የማነ'ዩ ምስበለ፡ እቲ ኣዳራሽ ጸጥ በለ። የማነ ብሕፍረት ድንን ድንን በለ። እቲ ናይ ትማሊ ሰኽራን ስለ ዘይገደፎ ዑስማን ክዛረብ ከሎ ልኽት ልኽት በለ። እዚ ሰብኣይ ከስቲይዎ ሓዲሮምን ዊዒሎምን ክኾኑ ኣለዎም፡ ኪብል ምስ ነብሰይ ተዛረብኩ። መደርኡ ንቁርብ ካለኢታት ግትእ ኣቢሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣነ መደበይ ኣብ ሽወደን ኢዩ። እዚ መድረክ ናተይ ኣይኮነን ድሕሪምባሉ፡ ሓፍ ኢሉ ካብቲ መድረክ ሰንደልደል እናበለ ናብቲ በዓል ወዲ ገራህቱ ዚነበርዎ ጠረቤዛ ብምምራሕ ረፈጥ ኢሉ ኮፍ በለ። የማነ ከጣቕዕ ስለ ዚጀመረ ድማ ኩልና ንዑስማን ኣጣቓዕናሉ።

ዑስማን መንበር ሒዙ ክሳዕ ኮፍ ዝብል ክጽበ ዝጸነሓ የማነ፡ ንህሉው ኩነታት ኤርትራ በቲ ንዕኡ ዚመስሎ ክገልጾ ጀመረ። ናይ ኩሉ ሽግራትና ምንጪ ኣሜርካ እያ ድማ በለ። ነዚ ሕጂ ኤርትራ ኣትያቶ ዘለ ጸገም ምስቲ ናይ ግዜ ቃልሲ ኩነታት ብምዝማድ ኪትንትኖ ፈተነ። ኣብ 1978 ሰውራ ኤርትራ ኣፍደገ ኣስመራ በጺሑ ከም ዝነበረን፡ ብምትእትታው ሕብረት ሶቭየት ግና ሰዉራ ከዝልቕ ከም እተገደ፡ 8 ወራራት ዲሕሪ ምሕላፎም፡ ኣብ 1989 ሰውራ ጸረመጥቃዕቲ ብምክያድ ንኣሜሪካ ስዒርናያ በለ። ኣብ 1991 ኣሜሪካ ጻዕዳ ባንደራ ከተምበልቢል ስለዘገደድናያ፡ ብዘይ ዓጋቲ ስጋብ ጎንደር፡ ደሴ፡ ባህርዳር ስጋብ ኣዲስ ኣበባ ከይተረፈ በጺሕና። ስጋብ 1998 ኤርትራ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብነታዊት ሃገር ተባሂላ ትጥቀስ ነይራ። ኣብ 1998 ብሃንደበት ኣሜሪካ ዉግእ ስለ ዝኸፈተትልና ከምቲ ናይ ግዜ ሰዉራ ንድሕሪት ተመሊስና። ድሕሪ 15 ዓመት ሕጂ ንኣሜሪካ ስዒርናያ ኢና። ገና ከምቲ ናይ 1991 ጻዕዳ ባንዴራ ስለ ዘየምበልበልት ዘላ፡ መኸተና ኣሐይልና ክንቅጽሎ ኣለና ኪብል ተላወበ።

ንኢትዮጵያ ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣብ 1998 ስጋዕ 2000 ምስ ወያነ ዘይኮና ምስ ኣሜሪካ ኢና ተዋጊእና። እቲ ኩናት ምስ ወያነ ነይሩ እንተዚኸዉን ዉጺኢቱ ንዓኹም ምንጋር ዘድሊ ኣይኮነን በለ። ኣብዚ እዋን እቲ መለስ ወደባት ኤርትራ ኣየድልያናን እየን፡ መስተይ ገመል ኪንገብረን ኢና ዚበሎ ዚነበረ ዘረባ ተለዊጡ፡ 250 ሜጋ ዋት ሓይሊ ኤለክትሪክ ክንህበኩም፡ ወደባትኩም ክንጢቀመለን እናበሉ ኣብ እግርና ወዲቖም ክልምኑና ይዉዕሉ ኣለው ድሕሪ ምባል፡ እዚ ኩሉ ዚመጸ ሳላ ዚመከትና ምኻኑ ኣብረሀ። ኤርትራ ኣብ ኢጋድ ዘለዋ ጉቡእ ቦታ ብዘይመሓዛ ሱዳን ኣብ ክልተ ከም እተመቕለትን፡ ጉዳይ ሶማል እዉን መዕለቢ ከምዘይተረኽቦን ማሕበረሰብ ዓለም ኪዛረበሉ ጀሚሩ ምህላዉ ገለጸ።

ኣብዚ እዋን ኤርትራ ብቑጠባዊ ገስጋስ መዳርግቲ ዘይብላ ናይ ሰላም ደሴት ኮይና ከምዘላን፡ ኣብዚ ዓመት እቲ ዚዓበየ ዚሰራሕናዮ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምኻኑ ብምግላጽ፡ ባሕርታት (ዲጋታት) ከም እተሰርሐን ሓመድ ብጉቡእ ስለ እተዓቀበ ፍርያምነት ከም ዝወሰኸን መጻኢ ዉሑስ ከም ዚኾነን ኣረጋግጸልኩም በለ። መንግስቲ ጸገም ኣባይቲ ንምፍታሕ ኣብ ዚመጽእ ዓመት 2000 ገዛዉቲ (ኣፓርትመንት) ከምዚሰርሕ ብሓበን ብምግላጽ፡ መጻኢ ኤርትራ ትስፉው ምኻኑ ብምግላጽ መደርኡ ዛዘመ።

ስዒቡ ዚመጸ ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ነበረ። ከምዚፍለጥ እዛ መድረኽ ንዉሕዳት ብሕርያ እትወሃብ ብምኻና፡ ተሳታፋይ ክሓቶ ዚደሊ ሕቶታት ከይተሓተ ከይተርፍ ብምስጋእ፡ ስርዓት ብዘይሓዛገባብ ማክረፎን እናመንጠለ ኣሎ ዚበሃል ሕቶታት ደርጎሐ። መግትኢ ክርክቦ ስለዘይተኻእለ ድማ ካብ ዝሓለፉ ፈስቲቫላት ብዝተፈለየ መጠኑ ኣዝዩ

ብዙሕ ዚኾነ ሕቶታት ቀረበ። ኻኹሉ ንምቕራብ ኣጸጋሚ ስለ ዚኾነ፣ ነተን ዓበይትን ኣገደስትን ብሸምዚ ኣብታሕቲ ተጠቂሱ ዘሎ ኣገባብ ከቕርበልኩም ኪፍትንየ።

1ይቲ ሕቶ- ነዛ ሕቶ ዘቕረበ ወዲ 60 ዓመት ዚኸውን ኣቦ ኮይኑ፣ ብነገዳዊ ጣቓዒት እተሰነየት ነበረት። ናብዚ ፌስቲቫል ክንኣቱ ከለና፣ እቶም ተቃወምቲ ኣብ ኣፍደገ ጸኒሖም ኣሕዋትኩም ብዘይፍትሒ እናተሳቐዩ፣ ህዝቢ ፍትሒ ስኢኑ እናተሳቐየ ሳዕስዒት ተራኢኹም ኢሎሙና። መልሲ ስለ ዘይነበረና ድማ ኣፍና ኣትሒዞሙና። መልሸኻ ነዚ እንታ'ዩ? ክብሉ ፈላሚት ሕቶ ኣቕረቡ።

መልሲ- ኣዮኖት ተቓወምቲ እዮም? እዞም ኣብ ጽርግያ ዘለዉ? እዚኣቶም ደኣ ዘይልኡኻት እዮም። ኤርትራ ትተኣገድ ኤርትራ ኪትንጸል ኣለዋ ዚብሉ። ነዚኦም ከም ቁምነገር ከነስተባህለሎም ኣይግባእን።

2ይቲ ሕቶ- ኣነ ካብ ኣስመራ ካብ ዝመጽእ ሓደ ወርሒ ገይረ ኣለኹ። ኩሉ ሰብ ዓጢቑ ኣሎ። ኣብቲ ኣነ ዚነብረሉ ከባቢ ክልተ መንእሰያት በቲ ዘዕጠቕኩሞም ብረት ነብሰ ቕትለት ፈጺሞም። ኣሰብኡት ነንስቶም በቲ ብረት የፈራርሕወን። ህዝቢ ብረት ኪዓጥቀሉ እተደለየ ምኽንያት እንታ'ዩ?

መልሲ- ኣሜሪካ ኣብ 1998 ሃንደበት ኵናት ወሊዓትልና። ሕጂ'ውን መዓስ ኵናት ከም እትውልዓልና ስለዘይፍለጥ፣ ኩልሳዕ ድልዋት ክንከዉን ይግባእ።

3ይቲ ሕቶ- ኣነ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመት ፌስቲቫል ኣቋሪጸ ኣይፈልጥን። ኩሉ ግዜ ድማ ኣብ ጎኒ መንግስተይ'የ። እንተኾነ፣ እዞም ናብዚ ተላኢኽኩም ትመጹ እተወሰንኩም ኢኹም። ክልተ ሰለስተ ጥራይ። ንሸኻ ድማ ሓደ ካብኦም ኢኻ። እቲ ዉድብ ዳይናሚዝም ኪህልዎ ምእንቲ ንምንታይ ሓደስቲ ገጽ ዘይንርኢ? ነዚ ሒዝኩሞ ዘለኹም ቦታ ብሓድሽ ወለዶ ክትክእዎ መደብ ኣለኩም ዶ?

መልሲ- ንምንታይ ዲና መንእሰይ ህግደፍ ኢልና ንዉድብ ዘለና?

4ይቲ ሕቶ- 2000 ገዛውቲ ክንሰርሕ ኢና ኢልካና። ነቲ ተነዲቑ ዘይተኸድነ፣ ተኽዲኑ ሉቸን ማይን ዘይኣተዎ ገዛውቲ ከየጻፈፍካስ ሓደስቲ ገዛዉቲ ክንሰርሕ ኢና ምባልካስ ስጋብ ክንደይ ግብራዉነት ኣለዎ? 2000 ገዛውቲ ከ ንመን እየን ኸኾና?

መልሲ- (የማነ ንጹር መልሲ ክህብ ኣይከኣለን)

5ይቲ ሕቶ- ኤርትራ ብቑጠባ ትዓቢ ኣላ፣ ባሕሪ ዚኾነ ዲጋታት ሃኒጽና ኣለና ኢልካና። ሕዝቢ ብኽብሪ ዕዳጋ፣ ሕጽረት ዚስተማይን ኤለክትሪክን ይሳቐ ኣሎ። እንተወሓደ ኣስመራ ዝስተ ማይ ክትስእን? ካብዚ ዚዓቢ ሽግርሲ ኣበይ ኣሎ?

መልሲ- እቲ ንገብሮ ዘለና ምዕባለ ቀልጢፉ ክረኣየኩም ስለዘይካለ እዩ'ምበር፣ ገርናዮ ዘለና ምዕባለ መዳርግቲ የብሉን። ኣብዚ እዋን ድማ ሃገር ኢና ንሃንጽ ዘለና እምበር፣ ቁጠባ ኣይኮናን ንሃንጽ ዘለና። (ቁጠባ ምህናጽን ሃገር ምህናጽን ንየማነ ክልተ ነንበይኑ ኣርእስት'ዩ)

6ይቲ ሕቶ- ዓመት መጸ ኣብዚ እናመጻእኩም ጥዑም ዘረባን ዘይፍጸም መብጽዓታትን ትኣትዉልና። ሓንቲ ተፈጺማ ሪእና ግና ኣይንፈልጥን። ብኣንጻሩ ስቓይ ህዝብና እናገደደ እዩ ዚኸይድ ዘሎ። ናበይ ገጽና ኢና ንኸይድ ዘለና?

መልሲ- ኤርትራ ዓቢ ብድሆ ኣንጻር ኣሜሪካ ገጢማ ስለ ዘላ፣ ብዙሕ ሕቶታት ከምዝለዓል እንጽበዮ ኢና። ኣብ 70ታት ኣብ ግዜ ምዝላቕ ብዙሓት ኤርትራዉያን ምልሻ ስርናይ ኮይኖም ህዝቢ የበሳብሱ ነይሮም። ምኽንያቱ ሰዉራ ተዳኪሙ ኢሎም ስለ ዚሓሰቡ። (ብኣገላልጻ የማነ- እዞም ሕጂ ሕቶ ተቕርቡ ዘለኹምን ኣብ ደገ ኮንኩም ትቃወሙና ዘለኹምን፣ ከም'ቶም ናይ 70ታት ምልሻ ስርናይ ኢኹም)

6ይቲ ሕቶ- ኣነ ነዚ መሪሕነት ኪርእዮ ከለኹ፣ ኣብ ሓድነቱ ብዙሕ የጠራጥረኒ። ምምቕቓል ንርኢ ኣለና። መሳርዕኩም ከመይ ኣለኹም? ውሽጥኹም ከመይ ኣሎ?

መልሲ- እዚ ነዓና ሓድሽ ኣይኮነን። ኣብ 1973 መንካዕ ዝበሃሉ ነይሮም። ኣብ 2001 ከኣ ብኣሜሪካ ዚተሰነዉ ጉጂለ 11 ጉጅለ 15 መጺኦም። ናይ 21 ጥሪ ፍጻመ እናበልና እንተቕሶም ን2 ሰዓት ዘዕገረገሩ ድማ ነይሮም። ብዙሕ ሓድሽ ነገር ዘለዎ ኣይኮነን። እቶም ነብሶም ልዕሊ ሰውራ ክሰርዑ ዚህቅኑ ጉቡእ መቕጻዕቲ ይወሃቦም ኣሎ።

7ይቲ ሕቶ- ወያነ ኣብ እግርና ወዲቓ ዕርቂ ትልምነና ኣላ ኢልካና። ናትኩም መልሲ ንሰላም ከ እንታይ'ዩ?

መልሲ- መልስና ሓንቲ ኢያ። ካብቲ ሒዝኩሞ ዘለኹም ቦታ እንተወጺእኩም፣ ኣብቲ ካልእ ጉዳያት ኣብ ዘተ ክንኣቱ ጸገም የብልናን ኢና ንብሎም።

8ይቲ ሕቶ- 19 ዓመት ብዘይ ደሞዝ ዘገልግሉ ዘለዉ ኣሕዋትና መንግስቲ እንታይ ሓሲብሎም ኣሎ? ደሞዝ እንተዝግበረሎምን መሰሎም እንተዝህሎ ኣደዳ ስደትን መከራን ኣይምኾኑን።

መልሲ- እዚ ኣሜሪካ ኮነ ኢላ ትገብሮ ዘላ ኢዩ። ስዊዘርላንድ ኤርትራውያን ናብ ስዊዘርላንድ ምምጻእ ከየድለዮም ኣብ ሱዳን እንተበጺሖም ናብ ዓዳ ከምተእትዎም ትገልጽ ኣላ። እዚ ናይ ሁይማን ትራፊኪንግ ዚበሃል ኮነ ኢልካ ኤርትራ ንምድኻም ዚመጸ እዩ። ኣብ ግዜ ቀዛፊ ዚነበረ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር፣ ንብጻይ ዑስማን ሳልሕ ሓደ ወረቐት ኣርእዩዎ ነይሩ። ኣብቲ ወረቐት ኣሜሪካ ንኹሎም መንእሰያት ኤርትራ ካብ ሃገሮም እንተወጽዮም ዑቕባ ከም ዝወሃቦም ዚገልጽ እዩ። እቲ ሽግር ሕጂ'ውን ናይ ኣሜሪካ እዩ።

9ይቲ ሕቶ- ዝተጀመረ ገዛውቲ ከይዉዳእ ከልኪልኩሙና። ነቲ ዝተወደኣ ልቺን ማይን ከይኣትዎ'ውን ከልኪልኩሙና። ደቅና ልቺን ማይን ኣብዘይብሉ ዓዲ ኣይንኸይድን ይብሉና ኣለዉ። ንሕና ጠፊእናስ ደቅና ድማ ኣብ ስደት ክጠፍኡ። ብተወሳኺ ንዓዲ ዚኸይድ ቆልዓ ታሴራ ናይ ኤርትራ ከውጽእ ኣለዎ ስለ ዚበልኩም፣ እቶም 2% ክኸፍሉ ዘይክእሉ ስድራቤት ደቆም ንዓዲ ከምዘይከዱ ትገብርዎም ኣለኹም። እዝስ ብኡ ኣቢልና ነብስናን ደቅናናን ካብታ ንፈትዋ ዓድና ጠፊእና ክንነብር እተኣልመ ተንኮል ዶ ኣይመስለካን?

**መልሲ- (መልሲ ብንጹር ኣይተዋህበን። ነዊሕን ኣሀውታትን መደረ ኣስሚዑ)**

**እቲ ናይ ሰሚናር ግዜ ዳርጋ ልዕሊ ክልተ ሰዓት ዚወሰደ ነበረ። ድሕሪኡ ናብ ጓይላ ተኣትዩ። ይኹንእምበር፣ ክልተ ሰዓት ዝኸውን ምስ ኣጻወቱና፣ ገና ሰዓት 3 ከይኮነ መደብ ተወዲኡ ብማለት ኣሰናበቱና። ባቡራት ዚጀመራሉ ንግሆ ሰዓት 7 ስለዝነበረ፣ ናትናስ ከምሻሙ ዚኾነ ምኽነ፣ እተን ቆልዑ ዚሓዛ ኣዴታት ግና ቀንፈዘዉ ከፌእዎን ሓደራ።**

**እዮብ ባይረ**